# ራእይ ዮሃንስ

## 5ይ ትምህርቲ፡ ምድላው ዮሃንስ ንራእይታት 2ይ ክፋል

### 4. ስንባደ ዮሃንስ (1፡17)

4. ስንባደ ዮሃንስ (1፡17)

ዮሃንስ ነዚ ኣብ ላኣሊ ዝተጠቕሰ ራእይ ምስ ረኣየ ከም ምዉት ኰይኑ ሃለዋቱ ጠፊኡዎ ወዲቑ። እዚ ዮሃንስ እዚ ንሰለስተ ዓመታት ኣቢሉ ወዲ መዝሙር የሱስ እዩ ነይሩ። በዚ እዋን እዚ ንየሱስ ክርስቶስ ኣጸቢቑ ከም ዝፈለጦ ኣትሪሩ ብዛዕባኡ ከረድእ ከሎ "ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ እቲ በዒንትና ዝርኤናዮ፡ እቲ ዝጠመትናዮ፡ ኣእዳውና ዘረምሰሳኦ፡ ..." እናበለ ይዛረብ። ብድሕሪኡ ሃዋርያ ኰይኑ ካብ ዘገልገሎ ድማ በዚ ራእይ ዝርኣየሉ እዋን ልዕሊ 60 ዓመታት ኰይኑ ነይሩ። እንታይ ኰይኑ ድኣ እዩ ሕጂ "ምስ ርኤኽዎ ... ከም ምዉት ኰይነ ኣብ ኣእጋሩ ወደቕኩ" ኢሉ ክሳዕ ክንድኡ ዝሰምበደ?

የሱስ ክርስቶስ ስጋ ለቢሱ ኣብዚ ምድሪ ከሎ፡ ንኣና ምእንቲ ክመስል፡ ምቕራቡ ምእንቲ ኽንክእል ነቲ ዘይድፈር እጹብ መለኮታዊ ክብሩ ከዊልዎ እዩ ነይሩ። ሓዲስ ኪዳን ብዛዕባ እዚ ደጋጊሙ ይነግር። ነዚ ምግታእ እዚ ጳውሎስ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ፊሊጲ ከምዚ ኢሉ ይዛረበሉ፡

> "ንሱ (የሱስ ክርስቶስ) ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ፣ ነቲ ማዕረ ኣምላኽ ምዃኑ ኽም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን።
> መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሰረ፣ ሰብውን መሰለ፡ ብንብረቱ ከም ሰብ ኰይኑ ተረኽበ፣፣
> ርእሱ ክሳዕ ሞት ኣትሓተ፡ ክሳዕ ሞት መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ።" (ፊሊ 2፡6-8)

ነብይ ዳንኤልን ካልኦትን ተመሳሳሊ መለኮታዊ ራእይ ናይ ኣምላኽ ዝረኣዩ ከም ዝሰምበዱ የዘንትዉ። (ዳን 7፡18ን 27ን 10፡7-9ን 17ን ዘጽ 33፡20 ኢሳ 6፡5 ህዝ 1፡28 43፡3)

### 5. ኣይትፍራህ . . . ንዮሃንስ (1፡18)

ራእይ ዮሃንስ ዘፍርሕን ዘሰምብድን ዝገርምን መሊእዎ እዩ። እዚ ከቢቡና ዘሎ ፍጥረት ከይተረፈ ብዙሕ ተኸዊሉና ዘሎ ምስጢራት ሓቝፉ ኣሎ። እንተ ዝኽሰተልና ዘይፈርህን ዘይሰምብድን ዘይገርሞን ሰብ ሓደ እኳ ኣይምተረኽበን። መለኮታዊ ምስጢራት ግና ክንደይ ብዝያዳ ዘየፍርህን ዘየሰንብድን!

ዮሃንስ ድማ በቲ ከም ብርቱዕ መለኸት ኰይኑ ዝመጸ ድምጽን በቲ መስተንክርን ዜሰምብድን ዝኾነ ትርኢት ናይቲ ኣብ ማእከል ሸብዓተ ቀውምቲ ቀንዴል ዝነበረ "ወዲ ሰብ ዚመስል" ኣካል ቀልቡ ክሳዕ ዝጠፍእ ምስ ወደቐ ቀዳማይ ዝሰምዮ ድምጺ "ኣይትፍራህ" ዚብል ነበረ።

### 6. ኣይትፍራህ ዚብሎ ዘሎስ መን'ዩ? (1፡17- 18)

እቲ ኣይትፍራህ ዝበሎ መን ምዃኑ ንዮሃንስ ከምዚ ይብሎ፡ "ኣነ እቲ ቀዳማይን እቲ ዳሕራይን እየ። ኣነ እቲ ህያው እየ። ሞይተውን ነበርኩ። እንሆ ኸኣ ንዘለኣለመ ኣለም ህያው እየ። መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ።" ዮሃንስ በቲ ኣቕዲሙ ዝርኣዮ ድሮ ብስምባደ ራዕ ኢሉ ወዲቑ ኣሎ። ሕጂ ድማ ብተወሳኺ ስምባዱ ብመንነት ናይቲ ዚዛረቦ ዘሎ ምገደደ ነይሩ። ግናኸ ኣብ ክንዲ መሊሱ ዝብህርርሲ ብሰለስተ መገዲ ድኣ ተጸናንዐ።

1ይ. "ኣይትፍራህ" ዝበል መጸናንዒ ድምጺ ስለ ዝሰምዐ።
2ይ. ድማ ናይ ፍቕሪ፡ ናይ ሓልዮት የማናይ ኢዱ ስለ ዘንበረሉ።
3ይ. ሳልሳይ ድማ መን ምዃኑ ኣነጺሩ ስለ ዘፍለጦ።

እቲ ዮሃንስ ኣብ ማእከል እተን ቀወምቲ ቀንዴል ዝረኣዮ፡ "ዚመስል" እናበለ ድማ ዚገልጾ ኣካል ብዛዕባ መን ምዃኑ ከምዚ ገይሩ ንዮሃንስ የብርሃሉ፡ ብክልተ መብርሂታት።

> "ኣነ እቲ ቀዳማይን እቲ ዳሕራይን እቲ ህያውን እየ" ይብሎ።" (1፡17-18)

እዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ልሙድ ኣዘራርባ ብዛዕባ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ፡ ፈጣሪ፡ ብዘይካኡ ድማ ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየልቦ ምዃኑ ዝምህር ሓረግ፡ መለኮትነት ዚሕብር

እዩ። ንኣብነት ኣምላኽ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ 44፥6 ከምዚ ይብል፥ “እግዚኣብሄር፥ ንጉስ እስራኤልን ተበጃዊኡን፥ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል፥ ቀዳማይን ዳሕራይን ኣነ እየ፥ ብጀካይ ኣምላኽ የልቦን።” ኢሳ 41፥4። 45፥5-6። 48፥12። ራእ 1፥8 22፥13 ድማ ንመልከት፥ እቲ “ኣልፋን ኦሜጋን” ዚብል ናይ ግሪኽ ልማዳዊ ኣዘራርባ ከምቲ ቀዳማይ ዳሕራይን ዚብል ናይ ባህሊ ኣይሁድ የሰምዕ።

ምስታ “ቀዳማይን ዳሕራይን” እትብል ሓረግ፥ እታ “ህያው” እትብል ጠቢቓ ዘላ ድማ ንመልከታ። እዚኣ እውን ናይ ብሉይ ኪዳን ሓረግ እያ (እያ 3፥10 1ይ ሳሙ 17፥26 መዝ 42፥2 ራእ 7፥2 ንመልከት) እዚ ማለት፥ ኣምላኽ፥ ዘለኣለማዊ፥ ንበይኑ ኣምላኽ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፥ ካብ ኩሉ ፍጥረቱ ተነጺሩ ብዕሊ ዝልለ ኣከላ ድኣ እምበር፥ ስነ-ሓሳብ ናይ ካልኦት ጥራይ ከም ዘይኰነ ምእንቲ ክስቈረና እዩ “ህያው” እዩ ዚብል ዘሎ። እዚ ማለት ከምቶም ጣኦታት ናይ ኣህዛብ ናይ ገዛእ ርእሶም ዕላዊ ህልውና ዘይብሎም ኣይኰነን። ከምኡ ድማ ሓሳባት ናይ ሰብ ጥራይ ከም ዘይኰነ፥ ግዳስ ዕላዊ ህልውና ገዛእ ርእሱ ዘለዎ፥ ዝሓስብ፥ ስምዒት ዘለዎ፥ ናይ ገዛእ ርእሱ መደብን ዓቕምን ዘለዎ ኣካል ምኳኑ ከነለሊ፥ መጽሓፍ ቅዱስ “ህያው” ኢሉ ይሰምዮ።

ቀዳማይን ዳሕራይን ህያውን ምኳኑ ብምባል ዮሃንስ ተረዲእዎ እቲ ተኸሲትሉ ዘሎ ኣካል መለኮት - ማለት፥ ኣምላኽ ምኳኑ፥ ቀጺሉ፥ ትስብእታዊ መንነቱ ምስቲ መለኮታዊ መንነቱ እተቛረነ ንዮሃንስ የመልክተሉ።

“ሞይተውን ነበርኩ፥ እንሆ ኸኣ፥ ንዘለኣለመ ኣለም ህያው እየ፥ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ” ይብል። የሱስ ክርስቶስ ኣቐዲሙ ኣምላኽ እየ እናበለ ክነሱ፥ ቀጺሉ “ሞይተውን ነበርኩ” ይብል። ኣይገርምንዶ!! እዚ የሱስ ክርስቶስ ስጋ ለቢሱ ከም እተጋህደን ከም ዝሞተን ከም ዝተንስኣን፥ ታሪኻዊ (ክዉን) ሓቂ እዩ።

የሱስ ክርስቶስ፥ ብዘይ ሓጢኣትሲ እቲ ሰብ ምኳን ናይ ብሓቂ ከም ዝለበሶ፥ ከም እተመከሮ፥ ከይንኸሕዶ ወይስ ከይንቕጥኖ፥ “ሞይተውን ነበርኩ” እናበለ ኣርባዕተ ነጥቢ ይገብረሉ። (ፊሊ 2፥5-8 ድማ ተመልከት) ሞይቱ ነይሩስ ሞት ከም ዘየሰንፎ ክስቈረና ግና “ንዘለኣለመ ኣለም ህያው እየ” ይብል።

ከም ዝሞተ፥ ከም ዝተንስኤ፥ ንዘለኣለም ህያው ኰይኑ ዝነብር ዘሎ የሱስ ክርስቶስ በይኑ ጥራይ ምኳኑ ናይ ምሉእ ሓዲስ ኪዳን መልእኽቲ ኣሎና። ወንጌላውን ሓኪምን ሉቃስ ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ተንቲኑ ምስ መሃረ፥ “ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምኳኑ ርእሱ ኸም ዘርኣዮም” ኢሉ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 1፥3 ይድምድሞ።

“መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ” ይብሎ ንዮሃንስ። መርሖ፥ መፍትሕ ማለት እዩ፥ ምፍታሕን ምዕጻውን ትሕቲ ቊጽጽርካ እትገብረሉ። ስለዚ የሱስ ክርስቶስ ንዮሃንስ ዝብሎ ዘሎ፥ ሞትን ሲኦልን ትሕቲ ምሉእ ቊጽጽረይ እዮም። ሞት ንኣካላትና (ንስጋና) ዘሕምቕ፥ ናብ ሓመድን ሓምኹሽትን ዝልውጥ ሓይሊ እዩ። ሞት ንሰባት ኣብ መወዳእታ ዘሰንፍና ናብ ሓመድ ዝልውጠና እዩ። የሱስ ክርስቶስ ዚብል ዘሎ ግና ኣብ ልዕሊ ኣካላትና (ስጋና) ናይ መወዳእታ፥ ዝለዓለ፥ ወሳኒ ስልጣን ዘለዎ፥ እቲ ንሞት ብትንሳኤ ዝሰዓረ የሱስ ክርስቶስ ድኣ እምበር፥ ሞት ኣይኰነን። ኣዚ እንታይ ማለት እዩ? ከመይ ኢሉ ይኸውን? የሱስ ክርስቶስ ብትንሳኤኡ፥ ብብዙሕ መርትዖታት ዘመስከሮ፥ መሰረታውን መንቀልን መልሲ እዩ።

ከምቲ ሞት ንኣካላትና ሓመድን ሓምኹሽትን ገይርዎ ንሓዋሩ ከይተርፍ የሱስ ክርስቶስ “መርሖ” ሞት ዝኾነልና፥ ከምኡ ድማ ሲኦል ንነፍስና ንሓዋሩ ሕቡስ ዝገብሮ ሓይሊ ከይኸውን፥ ወይ ድማ ናይ ሓዋሩ ቦታ መጸበዪ ኸይከውን፥ መርሖ ሲኦል ይኾነልና። ድሕሪ ሞትሲ ህይወትዶ ኣሎ እዩ ዚብል እቲ ሞይቱ ዚብሃል ሰብ ዝቕጽለሉ ዓቢ ሕቶ ናይ ሃይማኖት ክርስትያን እዩ። ንስነ-መለኮት ብዛዕባ ሲኦል መባእታዊ መልሱ እዩ።

ሲኦል ናይ እብራይስጢ ቃል እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሰብ ምስ ሞተ ስጋኡ ኣብ መቓብር፡ ነፍሱ ድማ ኣብ ሲኦል ይኸዱ ይብል (ግብ 2፡27ን 31ን)።

ሲኦል ክልተ ክፍልታት ኣለዉዎ። እቲ ሓደ ክፍሊ፡ ከምቲ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ዝኸዶ፡ ስፍራ ስቓይ እዩ (ሉቃ 16፡23-25)። እቲ ካልኣይ ክፍሉ ድማ፡ "ሕቑፊ ኣብርሃም፡" ቦታ ምጽንናዕ ተባሂሉ ዝስመ፡ ኣልኣዛር ድሕሪ ሞቱ ዝኣተዎን እተጸናናዓሉን ክፍሊ እዩ (ሉቃ 16፡ 22ን 25-26)። እቲ ዋና ነጥብና የሱስ ክርስቶስ ንዮሃንስ "መርሖ ሲኦል" ኣሎኒ ክብል ከሎ፡ ብዛዕባ ነፍስወከፍ ሰብ ብድሕሪ ሞቱ ዘሎ ምስጢርን ጉዳይን ትሕቲ ቍጽጽረይ እዩ ይብሎ ከም ዘሎ ንገንዘቦ።

እዚ ንዮሃንስ ዝተኸስተሉ የሱስ ክርስቶስ መን እዩ?

1. ንሱ እቲ "ቀዳማይን ዳሕራይን፡ ኣልፋን ኦሜጋን እዩ።
2. ንሱ እቲ ህያው እዩ።
3. ንሱ እቲ ሞይቱ ዝነበረ እዩ።
4. ንሱ ንዘለኣለመ ኣለም እቲ ህያው እዩ።
5. ንሱ መርሖ ሞትን ሲኦልን ዘለዎ እዩ።
6. ራእይ ዮሃንስ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ እዩ።

ልዕሊ እቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ተኣሚቱልና ዘሎ ራእይታት ናቱ፡ ልዕሊ እቲ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ተዋህቢና ዘሎ ራእይታት ብትስብእቱ፡ ራእይ ዮሃንስ ተወሳኺን ቀጻልን ደምዳምን ራእይ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ እዩ።

ቀጻሊ ትምህርቲ